ሚኒስትሪ ፍትሒ

# ኣዋጅ መሰላት

## ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዘሎ ውልቀሰብ ዝወሃብ
## ልዕሊ 13 ዕድመ ዝኾኑ ትሕቲ ዕድመ -ሓባራዊ ሕጊ

**እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ በቲ ትርድኣዮ ቋንቋ ክወሃበካ ኣለዎ።**
**እንተድኣ ኣንጻር ዝሓሹ ኣማራጺታትካ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ነቲ መስርሕ ፍርዲ ዝጎድእ እንተዘይኮይኑ፣ ወሊዳዊ ሓላፍነት ዝሸከሙ ውልቀሰባት ተመሳሳሊ ሓበሬታ ክወሃቡ እዮም።**
**ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብ ትጸንሑሉ ግዜ ነዚ ሰነድ ምሳኻ ክትዕቅቦ ትኽእል ኢኻ።**

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ ምኽንያት ብማእሰርቲ ዘቕጽዕ ገበን ከምዝፈጸምካ ወይ ንምፍጻም ፈተነ ከምዘካየድካ ዘመልክት ሓደ ወይ ልዕሊኡ ጥርጣረታት ስለዘሎ ምዃኑ ተሓቢርካ ኢኻ።

ነቲ ኣብ ጥርጣረ ኣእትዩካ ዘሎ ገበንን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዘለኻሉ ምኽንያትን ብቕዓቱ፣ ዕለትን ቦታን ፍጻመን ንምፍላጥ መሰል ኣለካ።

ኣብ'ቲ ን 24 ሰዓታት ክጸንሕ ዝኽእል ናይ ቀይዲ እዋን ብዛዕባ እዞም ነጥብታት ዘለካ ኣመላኽታ ተሰማዕነት ክህልወካ እዩ። ድሕሪ ምዝዛም ናይ'ዚ ግዜ፣ እንድሕር ደኣ እቲ ዝተፈጸመ ገበን ብውሕዱ ንሓደ ዓመት ማእሰርቲ ዘቕጽዕ እንተኾይኑ፣ እቲ ህዝባዊ ኣኽባሪ ሕጊ፡ መርማሪ ዳኛ ወይ እቲ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት ፍርዲ ዳኛ ነቲ ናይ ቀይዲ እዋን ንተወሳኺ 24 ሰዓታት ከናውሖ ይኽእል እዩ። ትሕቲ 16 ዕድመ እንተኾይንካ፣ እቲ ምንዋሕ ማእሰርቲ ክዉን ክኾነሉ ዝኽእል እቲ ዝተጠርጠርካዮ ገበን ብ 5 ዓመታት ወይ ልዕሊኡ ማእሰርቲ ዘቕጽዕ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ። ድሕሪኡ ናብ'ዚ ዳኛ ንኡስ ገበናት ክትቀርብ ኢኻ፣ ዋላ'ውን ብቪድዮ ኮንፈረንስ እንተኾነ።

ድሕሪ እቲ ናይ ቀይዲ ግዜ፣ ንስኻ ብውሳነ ናይ'ቲ ኣኽባር ሕጊ ወይ እቲ መርማሪ ዳኛ ወይ'ውን ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት-ፍርዲ ዳኛ፣ ወይ ናብ ቅድሚ እዚ ዳኛ ንኡስ ገበናት ክትቀርብ ወይ ድማ ክትፍታሕ ኢኻ። ኣብ'ቲ ቀዳማይ ኩነት፣ ኣብ ውሽጢ 20 ሰዓታት ድሕሪ ምዝዛም ናይ ቀይዲ ግዜኻ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ዳኛ ክትቀርብ ኢኻ።

# ተወሳኺ ድማ፣ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ከምዘለካ ተሓቢርካ ኢኻ፥

## ዝተወሰኑ ሰባት ክትሕብር

ወለድኻ ወይ ኣለይትኻ፣ ወይ ሞግዚትካ ዝኾነ ሰብ ወይ ወሃቢ ኣገልግሎት ብዛዕባ እቲ ዝገጠመካ ናይ ቀይዲ ስጉምቲ፣ ከምኡ ድማ ብቕዓት፣ ዕለትን ቦታን ፍጻመ ናይ'ቲ ዝተባህለ ገበን ክሕበሩ እዮም።

ብዛዕባ እቲ ዝገጠመካ ናይ ቀይዲ ስጉምቲ ምስኻ ንዝነብር ሰብ፣ ወይ ንሓደ ካብ'ቶም ቀጥታዊ ርክብ ዘለዎም ወለድኻ፣ ወይ'ውን ንሓደ ካብ'ቶም ኣሕዋትካ ወይ ኣላዪኻ ወይ ግቡእነት ዘለዎ ዓብዪ ሰብ ብቴሌፎን ክሕበሩ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

እንኮላይ ንሓላፊኻ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

ናይ ወጻኢ ዜጋ እንተኾይንካ፣ እንኮላይ ንቆንስላዊ ሰበስልጣን ናይ ሃገርካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

ኣጸገምቲ ዕንቅፋታት እንተዘየለዉ፣ እቲ ጠለብ ካብ ተቕርበሉ ሰዓት ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓታት እዞም ስጉምታት ክትግበሩ እዮም።

ይኹን እምበር፣ ምስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ ምኽንያታት ዘይመጣጠን እንተኾይኑ፣ ወይ'ውን ዝያዳ ገበን ንኽፍጸም ዘኽእል እንተኾይኑ፣ እቲ ኣኽባር ሕጊ፣ መርማሪ ዳኛ ወይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት-ፍርዲ ዳኛ ነቲ ዝተጠቕሰ ምልክታ ክደናጎ ወይ ክስረዝ ውሳነ ክወስድ ይኽእል። እቲ ናይ ቀይዲ ግዜ ክናዋሕ እንተኽኢሉ እቲ ንሕጋዊ ወኪልካ ምሕባር ዘሎ ምድንጓይ ልዕሊ 24 ሰዓታት ክናዋሕ ኣይክእልን እዩ፣ እቲ ናይ ቀይዲ ግዜ ክናዋሕ እንተዘይኽኢሉ ድማ ልዕሊ ዓሰርተ ኽልተ ሰዓታት።

## ምስ ሓደ ውልቀሰብ ንምዝርራብ

ካብ'ቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘለኻ ዝተሓበሩ ሰባት ምስ ዝኾነ ሓደ ብጽሑፍ፣ ብቴሌፎን ወይ ብቃለ መሕተት ንምምይያጥ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ምስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ ምኽንያታት ዘይመጣጠን እንተኾይኑ፣ ወይ'ውን ዝያዳ ገበን ንኽፍጸም ዘኽእል እንተኾይኑ ግን እቲ መርማሪ ገበን ነዚ ጠለብካ ክነጽጎ ይኽእል። ሰዓት፣ ኩነታትን ካብ 30 ደቓይቕ ንላዕሊ ክኸውን ዘይብሉ ንውሓት ግዜን ናይ'ዚ ምይይጥ በዚ ተባሂሉ ዘሎ ኣካል ይውሰን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ'ዚ ኣካል ወይ'ውን በዚ ኣካል ዝተጠቆመ ሰብ ይካየድ።

## ብሓኪም ንምምርማር

ትሕቲ 16 ዓመት እንተኾይንካ፣ ብሓኪም ክትምርመር ግድን እዩ።  ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ትጸንሓሉ ሰዓታት ዝናዋሕ እንተኾይኑ፣ ብሓኪም ሓድሽ ምርመራ ክግበረልካ ግድን እዩ።

ልዕሊ 16 ዓመት እንተኾይንካ፣ ካብ ምጅማር ናይ'ቲ ማእሰርቲ ክሳብ መወዳእታ ብሓኪም ክትምርመር ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ቀይዲ ኣብ ዝናውሓሉ ኩነት፣

ብሓኪም ዳጊም ክትርአ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዞም ጠለባት እንኮላይ ብወለድኻ፣ ኣላዪኻ ወይ ሞግዚትካ ዝኾነ ሰብ ወይ ትካል ክቀርቡ ይኽእሉ። ሕክምናዊ ምርመራ ንክግበረልካ ጠለብ እንኮላይ ካብ ጠበቓኻ ክቀርብ ይኽእል እዩ።

## ቃል ምሃብ፣ ሕቶ ምምላስ ወይ ሱቕ ምባል

መንነትካ ድሕሪ ምርግጋጽካ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ፍርድኻ፣ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኻ፣

- ኣዋጅ ምእዋጅ፣
- ዝተሓተትካዮ ሕቶ ምምላስ፣
- ወይ'ውን ሱቕ ምባል።

## እቲ ሕጋዊ ወኪልካ መሰነይታኻ ክኸውን

እቲ ብቕዓት ዘለዎ ሰበስልጣን ኣድላዪ እዩ እንተኢልዎ፣ እቲ ተሸካሚ ወሊዳዊ ሓላፍነት ኣብ ቤት-ፍርዲ ወይ ቃል መሕተት መሰነይታ ክኾነካ ይኽእል እዩ። ዝምልከተካ እንተኾይኑ፣ ካልእ ፈላጥ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ውልቀሰብ ከሰንየካ ክትመርጽ ትኽእል ወይ ድማ በቲ ዳኛ ክምረጸልካ ይኽእል።

## ብጠበቓ ክትሕገዝ

### ካብ ምጅማር ናይ'ቲ ማእሰርቲ ብጠበቓ ክትሕገዝ ኣለካ።

#### ናይ ጠበቓ ምርጫ

ካብ መጀመርያ እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተኻሉ፣ ክሳብ ዝኾነ እዋን ናይ መስርሕ ፍርድኻ ከምኡ'ውን ማእሰርትኻ ኣብ ዝናውሐሉ ኩነት-ካብ ፋልማይ ናይ'ዚ ምንዋሕ-ሓገዝ ናይ ብምርጫኻ ዝጠለብካዮ ጠበቓ ንምርካብ ክትሓትት ትኽእል። ጠበቓ ክትመርጽ እንተዘይክኢልካ፣ ወይ ድማ እቲ ምርጫኻ ዝኾነ ክርከብ እንተድኣ ዘይተኻኢሉ፣ እቲ መርማሪ ገበን ወይ ኣኽባር ሕጊ ወይ መርማሪ ዳኛ ወይ'ውን ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት-ፍርዲ ዳኛ ዝኾነ ዝውክለካ ጠበቓ ብቐጥታ ክምድበልካ እዩ።

ወለድኻ <u>ወይ</u> ኣላዪኻ ወይ'ውን ተኣማኒ ፈላጥ ሰብ <u>ወይ</u> ወሃቢ ኣገልግሎት ጠበቓ ክምድበልካ ይኽእል።

#### ሕጋዊ ሓገዝን ምላሽ ዝወሃበሉ ግዜን

ኣብ ውሽጢ ምስጢራውነት ዝዕቐቡ ኩነታት እዚ ጠበቓ ምሳኻ ን 30 ደቓይቕ ክምያየጥ ይኽእል እዩ። ቀይዲ ኣብ ዝናውሐሉ ኩነት፣ ምስ'ቲ ጠበቓ ዳግማይ ንምርኻብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣

እንድሕር ደኣ ሕቶ ኣቕሪብካ፣ እዚ ጠበቓ ድማ ንስኻ ኣብ ትሳተፈሉ መስርሕ ፍርዲ፣ ምርመራ ገበን፣ ምሕዳስ ወይ መንነት ምልላይ ዝግበረሉ እዋን ህልው ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ'ዚ ኩነት'ዚ እንድሕር ድኣ ምስ መንነትካ ዝተኣሳሰር ጥራሕ እንተዘይኮይኑ፣ እቲ ፋልማይ መስርሕ ፍርድኻ ኣብ ውሽጢ 2-ሰዓት ድሕሪ እቲ ምልክታ ዘሎ መስኮት ብዘይ ህላዌ ናይ'ቲ ዝመረጽካዮ ጠበቓኻ ክጅመር ኣይኽእልን እዩ።

ይኹን እምበር፣ እንድሕር በቲ መስርሕ ምርመራ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ እቲ ፋልማይ መስርሕ ፍርድኻ ብፍቓድ ናይ'ቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ (መርማሪ ዳኛ ወይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት ፍርዲ ዳኛ) ብቐጥታ ክጅመር ይኽእል እዩ፣ ዋላ'ውን ብዘይ ህላዌ ናይ'ቲ ጠበቓኻ።

እቲ ጠበቓኻ ኣብ መንጎ ናይ'ቲ መስርሕ ፍርዲ ወይ ቃለ መሕተት እንተበጺሑ፣ እዚ ብድሌትካ ክስረዝ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ መታን ምስ ጠበቓኻ ክትምያየጥ ዕድል ክትረክብ እዩ።

ይኹን ግን፣ እቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ፣ መርማሪ ዳኛ ወይ'ውን ናይ ናጽነትን ቀይድን ዳኛ፣ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ከምኡ'ውን ማራኺ ምኽንያታት እንተለዉ፣ እቲ መቕጻዕቲ ናይ'ቲ ዝተኸሰስካሉ ገበን ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት እንተኾይኑ ድማ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ፍርዲ ወይ ቃለ መሕተት ን 12 ሰዓታት እንተበዝሐ፣ ሓንሳብ ድማ ክሕደስ ዝኽእል ካብ ጠበቓኻ ሓገዝ ንምርካብ ንምድንጓይ ክውስን ይኽእል እዩ።

## ብኣስተርጓሚ ክትሕገዝ

ቋንቋ ፈረንሳ ዘይትዛረብ ወይ ዘይትሰምዕ እንተኾይንካ፣ ኣብ እዋን መስርሕ ፍርድኻ ከምኡ'ውን ምስ'ቲ ጠበቓኻ ኣብ ትዘራረበሉ እዋን ብሓደ ኣስተርጓሚ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ክትሕገዝ መሰል ኣለካ።

## ካብ ትሕቲ ቀይዲ ንምውጻእ ምምልካት

እቲ ዳኛ ንኡስ ገበናት ነቲ ግዜ ቀይዲ ክናውሖ ኣብ ዝውስነሉ እዋን፣ እዚ ስጉምቲ ንኽይፍጸም ነቲ ህዝባዊ ኣኽባሪ ሕጊ፡ መርማሪ ዳኛ ወይ ናይ ህጻናት ቤት ፍርዲ ዳኛ ክትምሕጸኖ ትኽእል ኢኻ።

## ንጉዳይካ ዝምልከቱ ገለ ጉዳያት ሰነድ ምርኣይ

ብጠለብካ ወይ'ውን ብጠለብ ጠበቓኻ፣ ከምኡ'ውን ብዝሰለጠ ግዜ ቅድሚ ዝኾነ ምንዋሕ ናይ ቀይዲ እዋን፣ ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ንምምልካት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣

- ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታውካ ዘመልክት ምልክታ፣
- በቲ ዝመርመረካ ሓኪም ዝተወሃበ ሕክምናዊ ሰርቲፊኬት(ታት)፡
- ኣብ መስርሕ ፍርድኻ ዝተዘርቡ ቃላት።

## ነቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ርእይቶኻ ምሃብ

ድሕሪ ሓደ ዓመት ካብ ምዝዛም ናይ ቀይዲ እዋን፣ ኣብ'ቲ ጥርኑፍ ሰነድ ናይ'ቲ መስርሕ ፍርዲ ርእይቶ ንምሃብን ንምርኣይን-ብቕብሊት ዘመልክት ወይ ኣብ'ቲ ናይ

ጸሓፊት ቤት-ጽሕፈት ቅብሊት ዝእውጅ ምዝጉብ ደብዳበ -ነቲ ህዝባዊ ኣኽባር ሕጊ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።

## መሰል ብሕታውነት

እዞም ኣብ'ዚ ስጉምቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝውሰዱ መስርሓት ፍርዲ እንተድኣ ብሰንኪ ቴክኒካዊ ምኽንያታት ክዉን እንተዘይኮይኖም፣ ብካሜራ ክቐድሑ እዮም። ቀዳሕ ፊልምታት ናይ'ቲ መስርሕ ፍርዲ ንህዝቢ ምዝርጋሕ ብዝኾነ ሰብ ክልኩል እዩ።

እዞም ቀዳሕ ፊልምታት ዝዝርግሕሉ እንኮ ግዜ ኣብ እዋን ብካሜራ ዝካየድ፣ ውሽጣዊ ክፋላቱ ወይ መንነትካ ዘቃልዕ ዝኾነ ካልእ ገጹ ምዝርጋሕ ክልኩል ዝኾነ መስርሕ ፍርዲ ጥራሕ እዩ።